## ካብ ምምሕዳር ከተማ ስያትል ዝተዋህበ ናይ ምንቅጥቃጥ መሬት ሓደጋ ሓበሬታ፡-

**ትሕዝቶ ሓበሬታ፡** ኣብ ከተማ ስያትልን ከባቢኣን ናይ ምንቅጥቃጥ መሬት ሓደጋ ኣጋጢሙ ኣሎ።ንዘጋጠመ ጉድኣት ንምግምጋም ናይ ህጹጽ እዋን ሰራሕተኛታት ተዋፊሮም ኣለዉ። ናይ ከተማ ስያትል ህጹጽ እዋን ማእከል ተከፊቱ ዘድልዩ ኣገልግሎታት ምሃብን ናይ ምትዕርራይ ስራሓትን ከምኡ'ውን ሰባት ናይ ምድሓን/ምሕጋዝ ስርሕ ተጀሚሩ ኣሎ።

**እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡**

- ኣብ ዘለኹምዎ ምጽናሕን ኣብ ከባቢኹም ናይ ዘለዉ ሰባት ድሕንነት ምርግጋጽን። ኣብ ከባቢኹም ዝተጎድአ ሰብ እንተድኣ ኣሎ ኣድላዪ ሓገዝ ግበሩሉ። ካብ ጎደናታት፣ዓበይቲ መንገድታትን ድልድላትን ምርሓቕ።
- ካብ ጸኒሑ ዝስዕብ ምንቅጥቃጥ መሬት ምጥንቃቕ።መሬት ይንቃሳቐስ ከም ዘሎ እንተድኣ ተሰሚዑኩም ኣብ ትሕቲ ጠረጴዛ ወይም ካልእ ተሪር ነገር ምእታው።ካብ መሳኹቲ ምርሓቕን ኣብ መንደቕ ተጸጊዕኩም ካብ ላዕሊ ዝወድቕ ነገራት ምጥንቃቕ።
- ሓበሬታ ንምሕታት 9-1-1 ኣይትደዉሉ። ካብ ቦትኡ ዝወጸ ተለፎን እንተዳኣ ኣሎ ናብ ቦትኡ ምቕማጥ። ተለፎን ኩሉ ስለዝተሓዝ ንምድዋል ኣይከኣልን ይኸውን ይኹን'ምበር ናይ ቴክስት(Text) ሓበሬታ ምልኣኽ ይከኣል እዩ።
- ንግዜ ሓደጋ ዘቐመትኩምዎ ከም ናይ ኢድ መብራህቲ(ባትሪ) ካብ ዘቐመጥኩምዎ ኣውጺእኩም ተጠቐሙሉ። ናብ ከባቢኹም ኤለክትሪክ ስጋብ ዝመጽእ ምናልባት መዓልትታት ይወስድ ይኸውን። ስለዚ ንዝቕጽሉ መዓልትታት ርእስኹም ክኢልኩም ንምጽናሕ ተዳለዉ።
- ምስ ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ብምትሕብባር ናይ ኩሉ ሰብ ድሕነት ምርግጋጽ። ሓገዝ ንዘድልዮ ሰባት ምስ ካልኦት ብምትሕብባር ምሕጋዝን፣
- ብሬድዮ ዝወሃብ ህጹጽ ሓበሬታ ምክትታል።
- ***ብዛዕባ'ዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ክሰምዕ፣ ክርኢ/ከንብብ ወይ ድማ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎ እትፈልጡዎ ሰብ ኣንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዚ ሓበሬታ እዚ ከተማሓላልፉሉ/ከተመሓላልፉላ ንላቦ።***

***ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ወብ-ሳይታት ተመልከቱ:***

http://www.seattle.gov/emergency-management/what-if/hazards/earthquake

http://www.seattle.gov/light/sysstat/

http://mil.wa.gov/emergency-management-division/hazards/earthquake

http://www.ready.gov/earthquakes